# መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ እንታይ እዩ፧

ሓበሬታታት ነቶም ኣብ መንጎ 15ን 18ን ክሊ ዕድመ ዝኾንኩም ብዘይ ወለዲ ዝመጻእኩምን ዑቕባ ትሓቱ ዘለኹምን



### እናተጸበኻ እትቕመጠሉ ቦታ

ምናልባሽ መልሲ ጉዳይ ሕቶኻ ኣብ ኖርወይ ክትቕመጥን ኣይክትቕመጥን ብዝብል እናተጸበኻ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ንንውሕ ዝበለ እዋን ትቕመጥ ትኸውን ኢኻ። ኣብ ትጽበየሉ እዋን ድማ ኣብ ዝተፈላለያ መዓስከራት ስደተኛታት ትቕመጥ ትኾውን ኢኻ።

ኣብ መዓስከርካ ካልኦት ኣብ መንጎ 15ን 18ን ዝዕድሚኦም መንእሰያት ሓተቲ ዑቕባ ዝቕመጡ ኣለው።

18 ምስ መላእካ፡ ናብ ካልእ መዓስከር ካልኦት እኹላትን ቈልዑ ዘለዎም ስድራ ቤታታትን ዝቕመጥዎ መዓስከር ክትግዕዝ ኢኻ።





### ህይወት መዓስከር

ኣብቲ መዓስከር መደቀሲ ዓራትን መኸሸኒ መግብን ቦታን ንበይንኻ ወይ ድማ ምስቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መዓስከር ይወሃበካ እዩ። ንመግብን ንክዳውንትን ዝኸውን ገንዘብ እውን ይወሃበካ እዩ፡ ትምህርቲ ድማ ክትመሃር ኢኻ።

ካብተን ቀዳሞት መዓልታት ኣብቲ መዓስከር ዝምርምረካ ሓኪም ክህሉ እዩ። እንተድኣ ብድሕሪኡ ዘሎ ግዜ ሕክምናዊ ሓገዝ ኣድልዩካ ሰራሕተኛታት መዓስከር ሓኪም ንምውካስ ክተሓባበሩኻ ይኽእሉ ኢዮም።

### ክሕግዙኻ ዝኽእሉ እኹላት ዓበይቲ ሰባት

ኣብቲ ትቕመጦ መዓስከር ኩሉ ግዜ ዝተሓባበሩኻን ክሕልውኻን ዝኽእሉ እኹላት ዓበይቲ ሰባት ኣለው። ሰራሕተኛታት መዓስከር ኣብ ኖርወይ ንክትቕመትን ከይትቕመጥን ኣይውስኑን ኢዮም።

ሓደ ወኪል እውን ይወሃበካ እዩ። ሓደ እኹል ሰብ ኰይኑ ኣብ ኖርወይ ንክተሓባበርካ ተባሂሉ ዝወሃበካ እዩ።



### ኢንተርኔትን ንጥፈታትን

ኣብዚ መዓስከር እዚ ኢንተርነት ብናጻ ኢኻ ትጥቀም።

ኣብዚ መዓስከር እዚ እናተቐመጥካ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ኣብ ርእሲ እቲ ትኸዶ ትምህርቲ ዝካየድ ኢዩ።

ዑቕባ ምስ ሓተትካ እንታይ ከም ዝካየድን ዝስዕብ መስርሕ ከመይ ከም ምዃኑን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ እቶ፡ www.UDI.no

UDI Utlendingsdirektoratet Norwegian Directorate of Immigration

UTLENDINGSNEMNDA UNE

POLITIET POLITIETS UTLENDINGSENHET